# ሃገራዊ ዋዕላ መፍትሕ ሽግርና ኢዩ

ህዝቢ ኤርትራ ንዘበናት ብተኸታተልቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ክርገጽ ስለ ዝጸንሔ እሞ ብሰንኪ እቲ ከፋፋሊ ባህርያት ገዛእቲ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓድሕዱ ክፈላለ ምጽናሕ፡ ሕብረተ ሰብኣዊ ዘይምቅዳው እናፈጠረ ክመጽእ ጸኒሑ ኢዩ፡፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኣቦታትና ኣብ ትሕቲ ናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተጸቒጦም እናተጣበቡ ብውሕሉል ዝኾነ ኣታሓሕዛን ክእለትን ብሰንኪ እቲ ፈላላዪ ባህርያት ናይ ገዛእቲ ንኸይበርስ ተኻላኺሎም ዘጽንሕዎ፡ ናይ ኣቦታትና ባህልን ልምድን'ውን ብእዋኑ ኣብ ንቡር ንኸይምለስ ዝዓናቕፍ ኩነታት ኣጋጢሙ ኢዩ።

ንሱ ካኣ እቲ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ንህዝብና ኣብ ክልተ ከፊሉዎ ዝጽንሖ ኩነታት ካልኣይ ሽገርን መቐጸልታ ናይቲ ፈላላዪ ባህሪ ናይ ባዕዳውያን ገዛእቲን ኮይኑ ህዝብና ሓድነቱ ንኸየደልድል ክዓናቕፎ ስለ ዝጽንሖ ዕድመ እቲ ባዕዳውያን ኣብ ህዝብና ዘስረጽዎ ፍልልይ ተናዊሑ ህዝብና ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ናይ ሓድሕድ ዘይምትእምማንን ምጥርጣርን ደረጃ ክበጽሕ ጌርዎ ኢዩ። ከምኡ ውን ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ነጻነቱ ምስ ኣረጋገጸ፡ ብሰንኪ እዚ ካብ ዝበቁል ኣትሕእዙ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሕሰም ዝመልኦ ኣካይዳ ባዕዳውያን ገዛእቲ እናተኸተለ ክመጽእ ጸኒሑ፡ ንህዝብና ዱበላ ዝኾነ ኣካይዳ ዘርእዮ ዘሎ ስርዓት፡ ህዝብና በቲ ብቓልሱ ዝረኸቦ ነጻነት ክሕጎስ ብዘይምኽኣሉ ነገራቱ ኣርሚሙዎን፡ ኣፈታትሕኡ ሓርቢቱዎን ክሳዕ ሎሚ ኣብ ክትገልጾ ዘይትኽእል ስቓይ ወዲቑ ይርከብ ኣሎ።

ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ መበቆል ሽግራቱ መርሚሩን ፈሊጡን ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ምግባር ህዝቢ ባዕሉ ንጉዳዩ ክሕዞ ኪዳን ምውሳኑ ሓደ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ከይዱ ኣሎ፡ ህዝቢ ድማ ኣብዚኣ ካብ ኪዳን እዚ ጌሮም ውድባት ከምዚ ደጊሞም ካብ ዝብል ሕሜት ወጺኡ ጉዳዩ ባዕሉ ክሕዞ ክሻባሸብ ኣለዎ፡ ህዝቢ ዝማእከሉ ዋዕላ ድማ ከካይድ ኣለዎ። እዚ ካኣ ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ንጉዳዩ ክፍጽምን ሽግሩ ክፈትሕን ዘፍቅድ ሃዋህው ወይ ኩነት ስለ እተዓጽዎ ኢዩ ሰላም ሓሪሙዎ ዝነብር ዘሎ እምቤር፡ ካብ ኩሎም ኣህዛብ ዓለም ህዝቢ ኤርትራ ዝድሓረ ኮይኑ ጥዑይ መንግስቲ ምግባር ስለ ዝስኣነ ኣይኮነን። ኣብዚ እዋንዚ ግን ከም ውጽኢት ናይቲ ዝተናውሔ ቃልሱ ንድልየታቱ ከማልእ ዝኽእል ኣብ ምድህሳስ ኣትዩ ሽግሩ ብመገዲ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽፍታሕ ጻዕሪ የካየድ ኣብ ዘለሉ እዋን ስለ ዘለና ሽግርና ዝፍታሓሉ መገድታት ናይ ምርካብ ተስፋ ዝህብ ኣንፈት ተታሒዙ ኣሎ ማለት ኢዩ። ስለዚ ብሓጺሩ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ኣብ ሓደ ሽግሩ ክውድኣሉ ዝኽእል ጥዑይ ኣማራጺ መገዲ ይርከብ ኣሎ ማለት ኢዩ፡ ምኽንያቱ ሃገራዊ ዋዕላ ብምድጋፍ ዝጎደለ እናመላእካ ኣብ መወዳእታ ኣብጺሕካ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ምውዳእ ዝክኣለሉ ጥዑይ መገዲ ኣብ ምድህሳስ ተበጺሑ ኣሎ።

ኣብዚ እቲ ቐንዲ ዘሐጉስን ኪዳን ዲዩ ውድባት ካብ ተሞክሮኦም ከም ዝተማህሩ ዘብርህን፡ እቲ ህዝባዊ ክኸውን ከምዘለዎ ምግባሮም ኢዩ፡ እዚ ኩሎም እቶም ኣብ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ብህዝቢ ክኸውን ንዝብል ሓቶ ስለ እተሰማምዑሉ ህዝቢ ኤርትራ ነታ ትቕልቀል ዘላ ወይ ኣብ ግብሪ ክትርጎም ትኽእል ትመስል ዘላ መሰሉ ክሕሉ ተሳታፍነቱ ከዕዝዝ ኣለዎ። ሃገራዊ ዋዕላ ካኣ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣቦታትና ንበብጊዜኡ ዘጋጥሞም ዝነበረ ናይ ሓባር ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዝግልገሉሉ ዝነበሩ ኣገባብ መፍትሕ ሽገር ኩሎም ተወላዶ ኤርትራውያን ኢዩ፡ እምበር ሎሚ ዝተማህዘ ሓዲሽ ቋንቋ ኣይኮነን፡ ድሕሪ ነጻነት ሃገራዊ ዋዕላ ጌርካ ሃገር ቅኑዕ ጎደና ክትሕዝ ብዝተፈላለዩ ሃገራውያን ተፈቲኑ ኔሩ ኢዩ፡ ግን እዚ ቋንቋ ህዝብና ዘይሰምዕ ስርዓት ክሰምዖም ስለዘይ ክኣለ ክትግበር ኣይተኻእለን። ይኹን እምበር ሎሚ ይኹን ጽባሕ ከም ኩሉሻዕ ንሽግርና ብቋንቋናን ብባህልናን ተዛሪብና ድኣ ኢና ክንፈትሖ ንኽእል እምበር ካልእ ናይ ልቓሕ ቋንቋን ባህልን ካብ ከጥፋኣና ሓሊፉ ከልምዓና ኣይኽእልን ኢዩ፡ ክንቃለስ ምስ ወፈርና ቋንቋናን ልምድናን ስለ ዝሰሓትና ኢዩ፡ ኩሉ ነገር ተጋላቢጡና ከምዘይ ንዋሃሃድ ኳና ዘለና።

ሓደ ህዝቢ ስልጣኑ ክሕዝ ሓደ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ናይቲ ጸቓጢኡ ሓይሊ ምድኻም ወይ ብተሞክሮ እቲ ጸቓጢ ሓይሊ ህዝቢ ብዘይ ምሕጓሱ ክስዕብ ዝኽእል ጠንቅታት ኣለልዩ፡ እቲ ሃገራዊ ኩነታት ንምዕራይ ምስ ዝውስን ጥራይ ኢዩ፡ ካብ ጽቕጠት ናይ ገዛኢ ባዕዲ ይኹን ዲክታቶር ክገላገል ዝኽእል ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ነዛ ሃገራዊ ዋዕላ ብሓያል ተሳትፎኡን ቃልሱን ኣብ ጠቕሙ ንኽልውጣ ቀጥ ኢሉ ክቃለስ ኣለዎ። ሕጂ ተሪፉ ዘሎ ጻዕሪ በዚ ተታሒዙ ዘሎ ኣንፈት፡ እታ እንፈትዋ ሃገርና ረጊኣን ህዝብና ድማ ምሉእ ቅሳነት ረኺቡ ዝነብረሉን ሰላም ዝሰፍነሉን ኩሉ ዝሕጎሰሉን ንምግባር ኩልና ብሓባር ብፅቱብ ንሃገራዊ ዋዕላ ክንሰርሕ ኣለና፡ ሽግር ክናዋሕ ኣይንፍቀድ ህዝብና ካብ ማዓልቲ ናብ ማዓልቲ ካብ ዝሽፍኤ ናብ ዝገደደ ሽግር ኢዩ ዝኣቱ ዘሎ። ስምምዕ ሓደ ህዝቢ ቅድመ ኩነት ተኽእሎ ናይ ምፍታሕ ሃገራዊ ሽግር ኢዩ፡ ስለዚ ኣብ ሓድሕድና ስምምዕ ጌርና ሃገራዊ ሽግርና ንምፍታሕ ቅሩብነት ነርኢ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንተ ብሰማይ እንተስ ብምድሪ መፍትሒ ኣውርደልና ኣብ ሞንጎ ደቅና ስምምዕ ፍጠር ኢሉ እናጸለየ ቅልጡፍ ፍታሕ ኣብ ምጽባይ እዩ ዘሎ፡ ስለዚ ኩሉ ሓላፍንት ዝስምየ ኤርትራዊ ንህጹጽ ፍታሕ ይጽዋዕ ኣሎ።

ዝኸበርኩም ህዝቢ ኤርትራ ብሓጺሩ ንሓደ ኣሸጋሪ ነገር ሓደ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒምካ ኣብቲ ጊዜኡ ክውን ክትገብሮ እንተ ዘይኪኢልካ፡ ምስ ሓለፈካ ተመሊስካ ከምቲ ዘድሊ ክትገብሮ ስለ ዘይትኽእል፡ ነገራት ምስ ተሓላለኸን ጊዜኡ ምስ ሓለፈን ተጣዒስካ ኣይምለስን ኢዩ'ሞ፡ ነዚ ኣጋጣሚ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ተጠቒምናን ሕብር ኢልናን ህዝባዊ መንግስቲ ንግበር ከይንጣዓስን ብታሪኽ ከይንሕተትን። እዛ እዋን ዚኣ ህዝብና ሽግሩ ኣብ ምፍታሕ ንዝጓየዩ ዝምርቐላ ንዝዕንቅፉ ካኣ ዝረግመላ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ካኣ ኩልና ብሓባር ጠጠው እንብለላ እዋን ትመጽእ ከም ዘላ ኣይንረስዕ፡ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ክዕንቅፉ ዝደልዩ እንተልዮም ውን ካብቲ ኣውዲቕካ ሕለፍ ዝባህርያቱ ልምዲ ናይ ብረታዊ ቃልሲ ሓሊፎም ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ኣታሓሳስባ ክህልዎም ንዝኽእል ክብሎ ዝደሊ እንተልዩ፡ ድሕሪ'ጂ ስልጣን ናይ ህዝቢ ምኳኑ ተረዲኦም ኣብቲ ቅኑዕ ስልጣን ናይ ህዝቢ ዝብል ኣታሓሳስባ በርገሳዊ ሓይሊ ርዒሞም ታሪኽ እንተሓፈሱ ይሕሾም ባሃላይ ኢየ፡ ፈቲና ጽሊእና ድሕሪ'ጂ ስልጣን ናይ ህዝቢ ኢዩ፡ እንተ ቐልጠፈ ጽቡቕ፡ መሰናኽል እንተጋጠሞ ካኣ ውዒሉ ሓዲሩ ህዝቢ ከዐውቶ ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን